መጽሓፍ ቅዱስ ንህጻናት

# ኤርምያስ፡
# እቲ ናይ ንብዓት ሰብ



ጸሓፊ ፡- Edward Hughes

ገላጺ ፡- Jonathan Hay


ኣወሃሃዲ፣ Mary-Anne S.

ተርጋሚ፡- ተስፈኣለም በራኺ፣
ሙሉጌታ ዘርኣይ፣ ጸሃይነሽ ታደሰ

ኣባዛሒ፡- Bible for Children
www.M1914.org

©2025 Bible for Children, Inc.
ፍቓድ፣ ምቅዳህን ምብዛሕን እዚ ዛንታ ፍቑድ እዩ።
ኣብ መሸጣ ክሳዕ ዘይወዓለ፣

ኤርምያስ ኣብ ይሁዳ እትርከብ ካብ ሓንቲ ሃይማኖታዊት ቤተ ሰብ ተወልደ፡ ኣቡኡ ህልቅያ ዝበሃል ካህን እዩ ነይሩ፡ እታ ስድራ ቤት ካብ ኢየሩሳሌም ኣብ ዘይርሕቕ ኣናቶት እትበሃል ከተማ እዮም ዚነብሩ ነይሮም፡ ምናልባት ውሉዱ ካህን ክኸውን እዩ ኢሎም ይሓስቡ ነይሮም ይኾኑ፡ ኣምላኽ ግን ካልእ መደበ ኢዩ ነይርዎ።




ኣብቲ ኤርምያስ ዝተወልደሉ እዋን፡ ህዝቢ ኣምላኽ ብመሰረት ቃል ኣምላኽ ኣይነብሩን ነይሮም፡ ኩሉ እቲ ህዝቢ ካብ ንጉስ ክሳብ እቲ ኣዝዩ ትሑት ሰራሕተኛ፡ ኣማልኽቲ ሓሶት ኢዮም ዘምልኹ ነይሮም፡ ዋላ ኣብታ ናይ ኣምላኽ ቅድስቲ ቤተ መቕደስ እዘም ናይ ሓሶት ኣማልኽቲ ይምለኹ ነይሮም።





ኤርምያስ ገና መንእሰይ
ከሎ ኣምላኽ ተዛረቦ፡ "ቅድሚ ምውላድካ
ይፈልጠኻ ነይረ፡ ኣብ ክንድይ ክትዛረብ መደብኹኻ" በሎ።

ጻውዒት ኣምላኽ ንኤርምያስ ዘፍርሕ ይመስል፡ “ኦ እግዚኣብሄር ኣይፋልካን፡ ኣነ ገና ቆልዓ እየ እንሆ ድማ ክዛረብ ኣይክእልን ኢየ፡ ኢሉ መለሰሉ፡ ኤርምያስ ግን ወዲ 20 ዓመት ኢዩ ነይሩ፡ እንተኾነ ግን ኣብ ክንዲ እግዚኣብሔር ኮይኑ ኣንጻር እቲ ኣብ ከባቢኡ ዘሎ ክፍኣት ክዛረብ ዝኽእል ኣይመሰሎን።






እግዚኣብሔር ድማ "ኣይትፍራህ"፡
ናብ ዝልእኸካ ዘበለ ኪድ፡ እቲ
ዝብለካ ኩሉ ድማ ተዛረብ፡

ኣነ ምሳኻ ኣለኹ ኣነ ድማ
ከናግፈካ እየ፡ ኢሉ ኣረጋገጸሉ፡
ሽዑ ኣምላኽ ፍሉይ ነገር ገበረ፡
ንኣፍ ኤርምያስ ድማ ተንከፎ።

ኣምላኽ ንኤርምያስ ሓይልን ትብዓትን ጥበብን ሃቦ፡ ንሰባት ኣምላኽ ከም ዘፍቅሮምን ክረድኦም ውን ከም ዝደሊ ብምዝኽኻር ብትብዓት ተዛረበ፡ እንተኾነ ግን ዝሰምዖ ሰብ ኣይነበረን፡ ንጉስ እኳ ከይተረረፈ ኣይሰምዖን።




እቶም ካህናት ከይተረፉ ተቘጢዖም ብዛዕባ ኣምላኽ ምዝራብ ከቋርጽ ነገርዎ፡ ኤርምያስ ሓቀኛ ኣይኮነን ኢሎም ዝዛረብ ናይ ሓሶት ነብያት እውን ነይሮም እዮም።



ኤርምያስ ነቶም ህዝቢ ቅድሚ ሚእቲ ዓመት ኣቢሉ፡ ሰሜናዊ መንግስቲ እስራኤል ንኣምላኽ ከም ዝሓደግዎን፡ እቶም ጸላእቶም ዝነበሩ ኣሶራውያን ድማ ን እስራኤውያን ምስ ሰዓርዎም ንኹሎም ማሪኾም ናብ ርሑቕ ዓዲ ከም ዘግዓዝዎም የዘኻኽሮም ነበረ።







ህዝቢ ይሁዳ ኣብታ ደቡብ
መንግስቲ ዝነበረ ውን
ንኣምላኽ ሓዲጎሞ ነበሩ፡
ሰራዊት ጸላኢ ድሮ ኣብ ሰልፊ
ኢዩ ነይሩ፡ እግዚኣብሄር’ከ
ህዝቢ ይሁዳ ውን’ዶ ክስዓርን
ብምርኮ ናብ ስደት ክውሰዱን
ይፈቅድ ይኸውን።

እቲ ህዝቢ ኣብ ጣኦታቱ ኢዩ ተኣማኑ ነይሩ፡ እዞም ጣኦታት ካብ ጸላእቶም ከድሕኖም ይኽእሉ’ዶ፡ ኣይፋልን፡ እቲ ዘድሕን ኣምላኽ ጥራይ እዩ፡ እቶም ህዝቢ ብኤርምያስ ኣዝዮም ተቖጢዖም ነበሩ እሞ ንኽቕትልዎ ውዲት ገበሩ፡ እግዚኣብሔር ግን ንኣገልጋሊኡ ሓለዎ።



ኣብ መወዳእታ ኣምላኽ ንኤርምያስ ዘሰንበዶ ነገር ተዛረቦ፡ "ምእንቲ እዚ ህዝቢ ጸሎት ኣይትግበር፡ ክረድኦም ምስ ዝሓቱኒ ኣይሰምዖምን እየ" በሎ።




ኤርምያስ ነቲ ንጉስ ምስ ሰራዊት
ባቢሎን ኣብ ዝግበር ውግእ ከም
ዝስዓር ኣጠንቀቖ፡ እቲ ንጉስ ድማ
ተቖጢዑ ንኤርምያስ ኣብ ቤት
ማእሰርቲ ደርበዮ፡ ኤርምያስ ግን ዋላ
ኣብ ቤት ማእሰርቲ ኮይኑ ምስባኹን፡
ኣብ ኣምላኹ ምእማኑ ቀጸለ።



ኤርምያስ ካብ ቤት ማእሰርቲ ምስ ወጽ ውን ንንጉስን ነቲ ህዝብን ናብ ኣምላኽ ከምለሱን፡ ኣብ ኣምላኽ ድማ ከውከሉ ይዛረቦም ነበረ፡ እቲ ንጉስ ድማ ንኤርምያስ ናብ ዓሚቕ ጭቃ ዝመልኦ ጉድጓድ ደርበዮ።



ኣምላኽ ግን ኣብ ልቢ ንጉስ ይሰርሕ ነበረ፡ እቲ ንጉስ ድማ ንኤርምያስ ብሕቡእ ካብቲ ጉድጓ ምስ ኣድሒንዎ፡ ኣምላኽ እንታይ ኪገብር ከም ዘለዎ ን ኤርምያስ ሓተቶ፡ እቲ መልሲ ድማ “እንተ ተማረኽካ ብህይወት ክትነበር ኢኻ ዝብል ነይሩ።



ሰራዊት ባቢሎን ንኢየሩሳሌምን ንኩሉ ይሁዳን
ምስ ተቖጻጸረ፡ ነቲ መናድቕን ንኹሉ እቲ
ህንጻታትን ኣፍረስዎ፡ ንኩሉ ነገር ድማ ኣቃጸለዎ፡
እግዚኣብሔር ድማ ንህዝቡ
ንሰብዓ ዓመት ናብ ምርኮ ከም ዝውሰዱን
ድሕሪኡ ድማ ናብታ ናይ
ተስፋ ምድሪ ከም
ዝምለሶም ተዛረበ፡



ኤርምያስ፡ እቲ ናይ ንብዓት ሰብ

ዛንታ ካብ ቃል እግዚኣብሄር። መጽሓፍ ቅዱስ

ኤርምያስ እዩ።

”ምኽፋት ቃልካ የብርህ ንገርህታት ኣእምሮ ይህብ።” መዝሙር 119፣130

መፈጸምታ

28

60

እዚ መጽሓፍ ብዛዕባ እቲ መደነቕ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እዩ ዝነግር፣

ቃል ኣምላኽ ኩልና ሓጢእና ክብሪ ኣምላኽ ከም ዝሰኣና ይነግረና፣ ዓስቢ ሓጥኣት ሞት እዩ። ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና ብየሱስ ክርስቶስ ጎይታና ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ፣ ንሕና ገና ሓጥኣን ከሎና ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ ኣምላኽ ኣታ ፍቕሩ ንኣና ብዚ የርኢ ኣሎ፣ እንተ ንየሱስ ክርስቶስ ከም ጎይታናን መድሓኒናን ተቀቢልናዮ ንሱ ካብ ኩሉ ሓጥያትናን ኣበሳናን እቅረ ክብለልና እሙንን ጻድቕን እዩ፣

ኣምብኣረይ ሕጂ እዚ ጸሎት እዚ ብሓባር ንጸሊ!
“ኦ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ብሓጥያተይ ይእመን ኣለኩ። የሱስ ወዲ ኣምላኽ ኣብ ክንዲ ሓጥያተይ ከምዝሞተለይን ካብ ምውታት ድማ ከም ዝተንሰኣን እኣምን ኣለኹ፣ ኦ ጎይታ የሱስ ካብ ኩሉ ሓጥያተይ ምሕረት ክትገብረለይን ሓድሽ ሂወት ክትህበንን ይዕድመካ ኣለኹ፣ ካብዚ ሰዓት ጀሚረ ውሉድ ኣምላኽ ክኸውን መሰል ስለ ዝሃብካንን ሓድሽ ፍጥረት ስለዝገበርካንን የመስግነካ ኣለኹ፣” ኣሜን፣

ቃል ኣምላኽ ነንብብ ምስ እግዚኣብሄር ድማ ኩሉ ሳዕ ንዘራረብ!
የውሃንስ 3።16